Rijksinstituut voor Volksgezondheid
en Milieu
*Ministerie van Volksgezondheid,
Welzijn en Sport*

# ውላድካ
# ጽቡቕ ክሰምዕ ይኽእል ዶ?

## ናይ ምስማዕ መርመራ ናይ ህጻን

ሚርያምን ዴኒስን





ሚርያምን ዴንስን ውላድ ረኺቦም

# ሚርያምን ዴንስን ውላድ ረኺቦም

ሚርያምን ዴንስን ድማ ሕጉሳት እዮም።

ውላድ ረኺቦም።

እታ ህጻን፡ ናይ ገለ መዓልታት ዕድመ ኣለዋ።

ስም እታ ህጻን ኒኪ እዩ።



ህጻን ኒኪ ጽቡ`ቕ ዶ ትሰምዕ?

# እታ ህጻን ጽቡቕ ትሰምዕ ዶ?

እታ ኒኪ ዝስማ ህጻን ጽቡቕ ክትሰምዕ ትኽእል ዶ?
ሚሪርያምን ዴንስን ነዚ ክፈልጡ ኣዝዮም ተሃንጥዮም ኣለዉ።

እዚ ኣገዳሲ እዩ። ህጻን ኒኪ ጽቡቕ ክትሰምዕ እንተኺኢላ፣
ዳሕራይ’ ውን ጽቡቕ ምዝራብ ክትመሃር ትኽእል።

ንስኻ ኸ ህጻንካ ጽቡቕ ይሰምዕ ምኻኑ ክትፈልጥ ዶ ትደሊ?



ሓንቲ ወይዘሮ ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት፣ ናብ ገዛ ሚርያምን ደኒስን መጺኣ ኣላ።

# እታ ህጻን ካብ ትውለድ ዳርጋ ሰሙን ጌሩ ኣላ

ህጻን ኒኪ፡ ሕጂ ዳርጋ ሰሙና ቀሪባ ኣላ።

ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት፡ ናብ ገዛ ሚርያምን ደኒስን መጺኣ ኣላ።

ንሳ፡ ህጻን ኒኪ ጽቡቕ ክትሰምዕ ትኽእል ድያ ኣይትኽእልን ክትቆጻጸር እያ። እዚ፡ ናይ ምስማዕ ምርመራ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ሓሓሊፉ፡ እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቤት ምኽሪ ህጻናት ይግበር።

ውላድካ፡ ንነዊሕ ኣብ ሆስፒታል እንተጸኒሑ

እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ፡ ኣብ ሆስፒታል ይካየድ።

እቲ ህጻን ኣብ ገዛ እንተሎ ድማ፡ ፈለማ ናይ ምስማዕ መርመራ ይካየድ እሞ

ብድሕሪኡ ድማ፡ እቲ ካብ እግሩ ቁሩብ ደም ብምውሳድ ዝካየድ ካልእ ናይ ጥዕና መርመራ ይካየድ።

ኣብ’ዚ፡ ብዛዕባ እቲ ብእግሪ ዝካየድ ናይ ህጻን ናይ ደም መርመራ ዝያዳ ሓበሬታ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።



ህጻን ኒኪ ናይ ምስማዕ መርመራ ትገብር ኣላ።



# እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ ብኸመይ ኣገባብ እዩ ዝካየድ?

ኣብ ግዜ ናይ ምስማዕ መርመራ፡ እቲ ህጻን ኣብ ዓራት ወይ ኣብ ሑቕፎኺ ይጋደም።

ኣብ’ ቲ ክፍሊ፡ ጸጥታ ክሰፍን ኣለዎ።

ቲቪ ኮነ ራድዮ ድማ ይጠፍእ።

ወለድን ካልኦት ቆለውዕን ሱቕ ይብሉ።

እታ ወይዘሮ፡ ዝዕቅን መሳርሒ ኣለዋ።

ኣብ እዝና መስምዒ ክትሶኽዓላ እያ።

እቲ መስምዒ፡ ዝኾነ ቃንዛ የብሉን።

ካብ’ ቲ መስምዒ፡ ትሑት ድምጺ ይወጽእ፥ ንስኺ ኣይትሰምዖን ኢኺ፡ እቲ ህጻን ግን ይሰምዖ እዩ።

እቲ ድምጺ፡ ንዝተወሰነ ደቓይቕ ይቕጽል።

እታ ወይዘሮ፡ ነቲ መዕቀኒ መሳርሒ ትርእዮ።




እታ ካብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት ዝመጸት ወይዘሮ፣ ስርሓ ወዲኣ እያ።

# እታ ህጻን ጽቡቕ ትሰምዕ።

እታ ወይዘሮ፥ ክልተ ኣእዛን ናይ’ ታ ህጻን ጽቡቕ ከምዝሰምዓ ሓቢራ።
ሚርያምን ዴንስን ድማ ሕጉሳት እዮም። እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ ተዛዚሙ።
ኣብ መዛሕትኦም ህጻናት ዝካየድ ናይ ምስማዕ መርመራ፥ ብ 1 ግዜ ይውዳእ።

ሓንቲ ወይ ክልትኤን ኣእዛን ጽቡቕ ዘይሰምዓ እንተኾይነን፥ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት
ነቲ ናይ ምስማዕ መርመራ ድሕሪ ሓደ ሰሙን እንደገና ይደግሞ።
እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ ኣብኡ ጽቡቕ ውጽኢት እንተዘይህቡ ድማ፥
ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት፥ ካልእ መሳርሒ ሒዙ ይመጽእ።
እዚ ካልእ መሳርሒ’ ውን እንተኾነ ቃንዛ የብሉን።

እቲ ናይ ምስማዕ መርመራ ጽቡቕ ውጽኢት ኣይሃበን ማለት፥
ህጻንካ ናይ ግንድ ኣይሰምዕን ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ከምኡ ኩነታት ዝያዳ መርመራ
ኣገዳሲ እዩ።
ናብ ክኢላ ድማ ትመሓላለፍ።
ሰራሕተኛ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት ቆጸራ ክገብረልካ እዩ።

# ዝያዳ ሕቶታት ?



# ዝያዳ ሕቶታት?

ሚርያምን ዴንስን ዝያዳ ሕቶታት ኣለዎም።

ከም’ዚ ዝስዕብ ኢሎም ድማ ነታ ወይዘሮ ይሓትዋ፥

“ንምንታይ እዚ ናይ ምስማዕ መርመራ ሕጂ ይካየድ? እታ ህጻን ገና ዕሸል እንድያ ዘላ?”

እታ ወይዘሮ ድማ ከም’ዚ ትብል፥

“እታ ህጻን ጽቡቕ ዘይትሰመዕ እንተ ኾይና፡ ሕጂ ቀልጢፍና

ከመይ ጌራ ጽቡቕ ክትሰምዕ ከምትኽእል መፍትሒ ነናድየላ። ከም’ዚ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

ጹቡቕ ምዝራብ መታን ክትመሃር፡ ህጻንኩም ጽቡቕ ናይ ምስማዕ ክእለት ክህልዋ ኣለዎ።”

ከም’ዚ ኢሎም ድማ እንደገና ይሓቱ፥

“እቲ ናይ ምስማዕ ክእለት ናይ ጓልና ሕጂ ንሓዋሩ ድዩ ጽቡቕ?”

መልሲ ናይ’ታ ወይዘሮ ድማ፥

“እወ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከምኡ እዩ። እንተ ኾነ፡ ወለዲ ጽቡቕ ከስተውዕሉ ይግባእ።

ዝኾነ ደስ ዘይብልካ ነገር ምስ ትዕዘብ፡ ናብ ሓኪም ስድራ ምኻድ የድሊ።

ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት።”

Dit is een uitgave van:

**Rijksinstituut voor Volksgezondheid en Milieu**
Postbus 1 | 3720 BA Bilthoven
www.rivm.nl

RIVM. *De zorg voor morgen* begint vandaag

januari 2015

009162

# ዝያዳ ኣፍልጦ ብዛዕባ ናይ ምስማዕ መረመራ

## ወይ ድማ ብዛዕባ ናይ ምስማዕ ክእለት ናይ ህጻንካ ክህልወካ ትደሊ ዲኻ?

ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ፣ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ህጻናት ኪድ።

ወይ ድማ ብቑጽሪ ስልኪ 020-574 59 45 ናብ “ኤን ሴ ዴ ሴ ካ” ደውል።

ወይ ድማ ኣብ ’ ዚ ተወከስ www.rivm.nl/gehoorscreening